**Akershus universitetssykehus HF**
Besøksadresse: Sykehusveien 25, Lørenskog
Postadresse: Postboks 1000, 1478 Lørenskog
Telefon: 67 96 00 00
Epost: postmottak@ahus.no
ዝያዳ ኣብ www.ahus.no ኣቲኻ ኣንብብ።

# ናብ Akershus universitetssykehus (ሆስፒታል-ዩኒቨርሲቲ ኣከርስሁስ) እንቋዕ ብደሓን መጻኻ




= ብእግርኻ ዝኸየድ ቀጢን መገዲ ንሆፕሲታል
= ብእግርኻ ዝኸየድ መገዲ
= ርግጫ
= ኣለክትሪካዊ መኪና

1 Hovedinngang
2 Akuttmottak
3 Barne og ungdomsklinikken (BUK)
4 Nye Nord
5 IR – Illegale rusmidler
6 Psykiatrisk mottak
7 Ungdomspsykiatrisk klinikk
8 Ortopedisk akuttpoliklinikk
9 Basecamp
10 Kapell
11 Konsulatet
12 Personalinngang
13 Ole Brumm
14 Voksenhabilitering
15 Behandlingshjelpemidler
16 NKS bygget, Nevrorehabilitering

Mars 2019



ኣብ Akershus universitetssykehus (Ahus) (ሆስፒታል-ዩኒቨርሲቲ ኣከርስሁስ(ኣሁስ) ተሓከምቲ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ዝሕከሙ እኳ እንተኾኑ፣ ዝበዝሐ ግን ኣብ Nordbyhagen ኣብ Lørenskog (ኑርድቢሃገን ኣብ ሎረንስኩግ) እዩ ዝካየድ። ኣብዚ ጽሑፋዊ ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ ሆስፒታል ጠቓሚ ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ፣ ከምኡውን ቀጽሪ ሆስፒታል ዘርኢ ካርታ።

ኣበይ ክትውክስ ከምዘለካ እንተደኣ ኣጠራጢሩካ፣ ኣብቲ ብቀንዲ መእተዊ(ዝዓበየ መእተዊ) እቱው ኢልካ ትረኽቦ ሪሰፕሽን ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ግዜ ቀትሪ ተቐበልቲ-ተሓከምቲ ትኹዶ ቦታ ክትረኽቦ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም። ኣብዚ ውን ዊልቸራት(መንኮርኮር ዘለወን ኮፍ መበሊ ኣካለ-ስንኩላን) ኣብ ውሽጢ ሆስፒታል ንኽትጥቀመለን ክትልቀሐን ትኽእል ኢኻ።

ቆልዑ፣መንእሰያትን ቀረብቶምን መእተዊ ቁጽሪ 3 ናብ Barne- og ungdomsklinikken (BUK). (ክሊኒክ ቆልዑን መንእሰያትን) ተእቱ እዮም ዝጥቀሙ።

ኣብ ህጹጽ ኩነታት ዝርከባ ጥኑሳት ከሓርሳ ዝቐረባ ድማ መእተዊ ቁጽሪ 2 ናብ መቐበሊ ህጹጽ ረድኤት ዘእቱ እየን ዝጥቀማ።

## ትደልዮ ቦታ ከመይ ጌርካ ትረኽቦ፤

ነቲ ቀንዲ ህንጻ ብምሉኡ ዝስንጥቕ ብ Glassgata (ግላስጋታ) ዝፍለጥ ዓቢ ውሽጣዊ ጎደና ኣሎ። ብየማናይ ወገን ሕክምና ዝካየደሉ ህንጻታት ኣሎ። መእተዊታት ናይዚ ከኣ B1,B2,B3ን B4ን ይበሃል። ኣብ ጸጋማይ ወገን ከኣ ዓራውቲ መደቀሲ ተሓከምቲ ዝሓዘ ህንጻታት ኣሎ። ናይዚ መእተዊታት ከኣ S1፣S2: S3ን S4ን ይበሃል። ኣብ ጫፍ ውሽጣዊ ጎደና Glassgata (ግላስጋታ) ከኣ Barne- og ungdomsklinikken (BUK). (ክሊኒክ ቆልዑን መንእሰያትን) ይርከብ።

## ኣተርጓሚ

ኣተርጓሚ ዘድልየካ እንተኾይኑ ነቲ ዝምልከቶ ዎርድ ኣቐዲምካ ክትውክሶም ኣለካ። ኣተርጓሚ ብነጻ እዩ ዝግበረልካ።

## ደም-መርመራ

ንምምርማር ወይ ንሕክምና ደም-መርመራ ክግበረልካ እንተተኾይኑ ኣብ ማእከላይ ክፋል ውሽጣዊ ጎደና Glassgata (ግላስጋታ) እዩ ዝግበር፣ «Prøvetaking», ('' መመርመሪ')' ክፉት ዝኾነሉ ግዜ ካብ ሰዓት 07:30-16:00 ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ዝተጻሕፎ ታቤላ ኣሎ ኣብኡ።

## ግዜታት ምብጻሕ

ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ : ሰዓት 18:00 ክሳብ 19:00. ቀዳም, ሰንበት ወይ በዓላት ሰዓት 14:00 ክሳብ 15:00.

ገሊኦን ዎርድታት ካብዚ ዝነውሐ ናይ ምብጻሕ ግዜ ኣለወን፣ ኣብ www.ahus.no ረኣዮ። ካብቲ ዝተመደበ ግዜታት ወጻኢ፣ ወይ ድማ ኣብ ሓደ ግዜ ብዙሓት ሰባት ዝመጹ እንተኾይኖም ኣቐዲምካ ምስ ሰራሕተኛታት ተዘራረበሉ።

ክፍሊ መወለዳን ርእሱ ዝኸኣለ ግዜታት ምብጻሕ ኣለዎ። Barne- og ungdomsklinikken (BUK)( ክሊኒክ ቆልዑን መንእሰያትን) ዝኾነ ውሱን ግዜታት ምብጻሕ የብሉን።

## መግብን ኣገልግሎትን

ቤት መግቢ ሊስፑንክተ ጥቓ ቀንዲ መእተዊ ኣብ ካልኣይ ደርቢ ይርከብ፣ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ድማ ክፉት እዩ። መግቢ ሓላል ክኾነልና ኢና ንደሊ ንዝብሉ ከኣ ሆስፒታል የዳልወሎም እዩ። ሰብ ባዕሉ ናቱ መግቢ ሒዙ ከመጽእ ናብ ሆስፒታል ኣይንደልን ኢና።

ኣብ ውሽጣዊ ጎደና Glassgata (ግላስጋታ) ውን ብዝሕ ዝበለ ዝተፈላለየ ዓይነት ኣገልግሎታት ኣሎ ከም ፋርማሲ፣ ድኳን፣ እንዳ መሻጢት፣ ዕንባባት ዝሸየጠሉ ድኳን።

## Helsetorget (ሀልሰቶርገ)

Helsetorget (ሀልሰቶርገ) ኣብ ማእከል ውሽጣዊ ጎደና Glassgata (ግላስጋታ) ይርከብ። ኣብዚ ንተሓከምትን ቀረብቶምን ዝምልከት ሓበሬታ ትረክብ፣ ከምኡውን ብነጻ ክትጥቀመለን ትኽእል ኮምፕዩተራት ውን ኣለዋ። ብምሉኡ ሆስፒታል ንበጻሕቲ ዝኸውን ዋየርለስ ኢንተርነት ኮነክሽን ኣለዎ።

## Møtepunktet (መራኸቢ ቦታ)

Møtepunktet (መራኸቢ ቦታ) ንኽዘራረቡ ዝደልዩ ተሓከምትን ቀረብቶምን ንዝርርብ ዕድል ይህብ። ኣብዚ ዝሰርሑ ወከልቲ ማሕበራት ተሓከምቲ እዮም። እዚ ኣብ Helsetorget (ሀልሰቶርገ) ትረኽቦ።

መጸበዪ ቦታ ንመጓዓዝያ ዝወስዱ ተሓከምቲ። መጸበዪ ቦታ ኣብ ጥቓ Helsetorget (ሀልሰቶርገ) ዝተደረተ ቦታ ኮይኑ ኣብኡ ክሳብ ናብ ገዛ ትወስደካ መጓዓዝያ ቦታ ኮይኑ ኣብኡ ክሳብ ናብ ገዛ ትወስደካ መጓዓዝያ ትመጽእ ትጽበየሉ ቦታ እዩ። ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ ግዜ ቀትሪ ኣብዚ ሰራሕተኛታት ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።

## Lærings- og mestringssenteret (LMS) (ማእከል ትምህርትን ምልከትን )

እዚ ማእከል እዚ ድማ ጥቓ Helsetorget (ሀልሰቶርገ) ይርከብ። ኣብዚ ንተሓከምትን ቀረብቶምን ኣስተምህሮ ይወሃብ።

## ቤተ-ክርስትያን ሆስፒታልን ክፍሊ እምነትን

ቤተ-ክርስትያን ሆስፒታልን ክፍሊ እምነትን ኣብ የማናይ ወገን ኣብ ኮርደዮ Glassgata (ግላስጋታ) ኮይኑ፣ ድሕሪ B3 ይርከብ። ቀሺ ሆስፒታልን ካልኦት መዛርብትን ንዝተፈላለዩ እምነታዊ ማሕበራት ዝውክሉ ብተለፎን 91195977 ክትውክሶም ትኽእል።

## ምዕሻግ መኪና

ብጸሕቲ ኣብ ቀዳማይ ደርቢ ኣብ መዕሸጊ ገዛ ከፊሎም መኪና ክዕሽጉ ይኽእሉ እዮም። ካብ ቀንዲ መእተዊ ሓሙሽተ ደቓይቕ ብእግርኻ ርሒቑ ይርከብ። ናብ ሆስፒታል ዝወስድ መገዲ ብታቤላ ዝተመልከተ እዩ።

ኣካለ ስንኩላን ዝርአ ምስክር ወረቐት ክሳብ ዝሃለዎም ኣብ ጥቓ ቀንዲ መእተዊ ዘሎ መዕሸጊ ቦታ ንሰለስተ ሰዓታት ብነጻ ክዕሽጉ ይኽእሉ እዮም። ናይ ምንቅስቓስ ጸገም ዘለዎም በጻሕትን ተሓከምትን ኣብ መዕሸጊ ገዛ ዝዕሽጉ 97630434 ብምድዋል ወይ ኣብ መዕሸጊ ገዛ ጥቓ ቡም (መሰናኽል) ዘሎ ተለፎን ብምጥዋቕ ናይ ኣሁስ መኪና መጺኣ ከምተምጽኦም ክገብሩ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ጥቓ ቀንዲ መእተዊ፣ Barne- og ungdoms-klinikken, Ortopedisk akuttpoliklinikk ን Ungdomspsykiatrisk klinikkን (ክሊኒክ መንእሰያትን ቆልዑን፣ ፖሊክሊኒክ ህጹጽ ረድኣትን ስነ-ኣእምራዊ ክሊኒክ መንእሰያትን) ዝርከብ መዕሸጊ ቦታታት ካብ ኣብ መዕሸጊ ገዛ ዘሎ ይኸብር።

## ኣውቶቡስን ታክስን

ኣውቶቡስ ኣብ ኣፍደገ ቀንዲ መእተዊ እያ ጠጠው ትብል። ኣብ ጥቓ ቀንዲ መእተዊ ዘሎ መዕሸጊ ቦታ ናይ ታክሲ መዕሸጊ ቦታ ኣሎ።

## ኣብ Ahus (ኣሁስ) ዘለዉ ተልመዴን ተማሃሮ

(Ahus) ኣሁስ ቤት ትምህርቲ ስለዝኾነ ብዙሓት ተማሃሮ ክንንፉኻ ይኽእሉ እዮም። ተማሃሮ ክህልዉ የብሎምን ወይ ኣብ ሕክምናይ ኢዶም ከእትዉ የብሎምን ክትብል መሰልካ እዩ።

ኣብ ስራሕ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ንተሓከምቲ ብቐጻሊ ከዋድዱሎም ይደልዩ እዮም፣ ኮይኑ ከብቅዕ ብምኽንያት ጽታ ሓኪም፣ ነርስ ወይ ካልእ ሰራሕተኛ ጥዕና ኣይሕክመንን እዩ ናይ ምባል ዕድላት የለን።

## ዕቃብ ውልቃዊ ሓበሬታ

ሆስፒታል ንጥዕናዊ ሓበሬታ ከመይ ጌሩ ይሕዞን ይጥቀመሉን፣ ከም ተሓካሚ መሰላት ዕቃብ ውልቃዊ ሓበሬታ ኣለካ ። ብዛዕባ እዚ ኣብ www.ahus.no. ክተንብብ ትኽእል ኢኻ።